ቢሮ ትልምን ፋይናንስን ክልል ትግራይ ኣብ በጀት ዓመት 2013ዓ/ም ዝተፈላለዩ ሕትመታት ንወረዳታትን ከተማታትን ቢሮታትን ኣጎልግሎት ዝዉዕል ንምሕታም ብብርኪ ክልል ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክሐትም ይደሊ

ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ ሓምለ 16, 2012 (ልዕሊ 5 ዓመታት)
ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሰሉስ ሓምለ 21, 2012 08:30 ደ/ሰዓት (ሓሊፆ)
ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:25,000.00
ቦታ:መቐለ
ናይ ደኩመንት ዋጋ:150
ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሰሉስ ሓምለ 21, 2012 09:00 ደ/ሰዓት
መደብ: ናይ ሕትመት ስራሕቲ/

1 በዚ ዘፍር ናይ ዘበኑ ዝተሓደሰ ሕጋዊ ፍቃድ ንግዲ ብቅዳሕ ዘቅርብ

2 ወረቀት ምስክር መለለይ ቁፅሪ ከፋሊ ግብሪ ብቅዳሕ ከቅርቡ ዝክእሉ

3 ተመዝገብቲ ተወሳኪ እሴት ታክስ ዝኮኑን ወረቀት ምስክር ከቅርቡ ዝክእሉን ከምኡ እዉን ናይ ወርሒ ጉንበት 2012ዓ/ም ተወሳኪ እሴት ታክስ ሒሳብ ዝገበርሉ መረዳእታ ከቅርቡ ዝክእሉ

4 በቲ ዘፍር ኣብ መቅረባይነት ዝተመዝገቡ ምካኑን ናይ 2012ዓ/ም ዝተሓደሰ ወረቀት ምስክር ዋናን ሓደ ቅዳሕን ከቅርቡ ዝክእሉ

5 ኣብቲ ጨረታ ሳዓራይ ዝኮነ ተወዳዳራይ ዝሰዓሮ ናይ ዝተፈላለዩ ዓይነት ሕትመት ዉዕሊ ካብ ዝኣሰረሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ዉሽጢ 3 ወርሒ ናብቲ ቢሮ መኽዘን ክፍሊ ብናይ ባዕሉ መጋዓዝያ ብፅሬትን መጠንን ከቅርብ ዝክእል

6 መወዳደሪ ሰነድ ስርዝ ድልዝ ዘይብሉ ናይ ትካል ሽም ኣድራሻ ማህተምን ፌርማን ክህልዎ ኣለዎ

7 ሰነድ ጨረታ ዘይምለስ 150 ቅርሺ እናከፈሉ ካብ ቢሮ ትልምን ፋይናንስን ክልል ትግራይ ቢሮ ቁፅሪ 19/01 ካብ 06/11/2012ዓ/ም ክሳብ 21/11/2012ዓ/ም ኣብ ስራሕ ሰዓት ብኣካል ብምቅራብ ክዕድጉ ይክእሉ

8 ተጫሬቲ መኸበሪ ዉሕስና ጨረታ25,000.00 ቅርሺ ብሽም ቢሮ ትልምን ፋይናንስን ክልል ትግራይ ብስፒኦ ወይ ድማ ብሰርቲፋይድ ቼክ ወይ ድማ ብጠረ ገንዘብ ናብ ዝተዳለወ ናብቲ ቢሮ ሳንዱቅ ጨረታ ወይ ድማ ጨረታ ቅድሚ ምክፋቱ ከቅርቡ ዝክእሉ

9 እቲ ጨረታ 21/11/2012ዓ/ም ሰዓት 8:30 ተዓፀዩ በቲ ዕለት ሰዓት 9:00 ኣብ ቢሮ ትልምን ፋይናንስን ክልል ትግራይ ቢሮ ቁፅሪ 19 ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወኮልቶም ኣብ ዝተረከብሉ ይክፈት

10 እቲ ቤት ፅሕፈት ዝሓሸ መማረፂ እንተረኪቡ ጨረታ ብክፋል ይኮን ብሙሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓወ እዩ

ንተወሳኪ ሓበሬታ 03 44 41 51 52 / 227/265

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle